# ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ሲያትል

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
## 18.04.2007

ብጻይ ዓብደላ ኣደም፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን)ን፡ ሓላፊ ወጻኢ ጉዳያት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ብብጻይ ኣማኑኤል ሃብተ፡ ወኪል ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተሰንዩ ብዕለት 14,04.2007 ኣብ ከተማ ሲያትል ሽውዓተ ሰዓታት ዝወሰደ ህዝባዊ ኣኼባ ኣካይዱ።

ብጻይ ዓብደላ ንህሉዊ ኩነታት ሃገርናን ንኣብ ዝሓለፈ ጉባኤ ኪዳን ዝተረኸበ ኩነታትን ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጹን ምብራሁን፤ ብጻይ ኣማኑኤል ሃብተ፡ ከኣ ነቶም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ክትዓት ዝለዓሉ ሕቶታትን ኣባሃህላታትን ኣልዒሉ ኣገዳሲ መብርሂ ሂቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ካብ ኣኼበኛታት ንዝቐረበሎም ሕቶታት ዘዕግብ መልሲ ሂቦምን፤ ንሃነጽትን ኣተባባዕትን ርእይቶታቶምን ለበዋታትን ሰሚዖምን።